ኣማሓዳሪ

KRISTIANSAND KOMMUNE

መምርሒ

# ጎነጽ ኣብ መንጎ ቐረባ ዝምድና ዘለዎም ሰባት

ብኸመይ ይቃላዕ፣ ብኸመይ ከኣ ንተሓሓዞ



ሓጺር ሕታም



# መእተዊ

ኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ጎነጽ ዘይሕጋውን ብሕጊ ዘሕትት ግብርታትን እዩ። ጎነጽ ኣብ መንጎ ቀረባ ዝምድና ዘለዎም ሰባት ብደረጃ ሕብረተሰብ ዝርአ ሽግር እዩ፣ ምኽንያቱ እቲ ጎነጽ ንብዙሓት ስለዝትንክፍን ዘስዕቦ ሳዕቤናት ውን ከቢድ ስለዝኾነ፣ ነቲ ውልቀ-ሰብ፣ ስድራቤት ከምኡውን ሕብረተሰብ ብዓቢኡ።

ኩሉ ሰብ ጎነጽ ክርኢ ከሎ ወይ ጎነጽ ይፍጸም ኣሎ ዝብል ጥርጣረ እንተሕዲሩ ተገዳስነት ክርኢን ገለ ክገብርን ውልቃዊ ሓላፍነት ኣሎዎ። ከም ውልቀሰብ ቆልዑን ንኣሽቱን ንጎነጽ ክቃልዑ ከለዉ ክትሕብር ስነ-ምግባራዊ ሓላፍነት ኣለካ። ነፍስ ወከፍና ከቢድ ጎነጽ ከይተፈጸመ ከሎ ምዕጋት ግዴታና እዩ፣ እዚ ውን ግዴታ ምዕጋት ወይ ምክልኻል ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ግዴታ እዚ ኣብ ገበናዊ ሕጊ § 139 ሰፊሩ ይርከብ፣ ንኹሉ ሰብ ከኣ ይምልከት፣ ኣብ ብሕታዊ ኣጋጣሚ ይኹን ኣብ ህዝባዊ ኣጋጣሚ ። ከም ተወሳኺ ኩሎም ኣብ ህዝባዊ ጽፍሒ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ሞያተኛታትን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ዘለዎም፣ እንተደኣ ሓደ ቆልዓ ንግፍዒ ይቃላዕ ከምዘሎ ወይ ካልእ ዓይነት ከቢድ ጎደሎ ኣተኣላልያ ይግበረሉ ከምዘሎ ዘእምን ምኽንያት ሃልዩዎም ን ተሓለቕቲ ቆልዑ ክሕብሩ ግዴታ ኣሎዎም።

> «ኩሉ ሰብ ካብ ጎነጽን ዓመጽን ነጻ ዝኾነ ሂወት ክሕልፍ መሰሉ እዩ። ዝኾነ ሰብ ንቐረብቱ ክፈርሕ የብሉን»
>
> , ውጥን ምክልኻል ገበን 2016

# ጎነጽ እንታይ እዩ፧

ኩሉ ዓይነት ጎነጽ ንካልኦት ሰባት ምህሳይ፣ ምቕንዛው፣ ከምዝፈርሑ ምግባር ወይ ምድፋር እዩ መለለዪኡ። ጎነጽ ዝተፈላለየ መልክዕን ዓይነታትን ዘለዎ ግብርታት ከጠቓልል ይኽእል፣ እቲ ዕላማ ከኣ ንካልኦት ሰብ ንምቁጽጻር ወይ ምግዳድ ኢሉ ዝግበር እዩ። ኣብ ጽኑዕ ሓባራዊ ክብርታት ዘለዎ ባህልታት ንዝተጋህሰ ክብሪ ንምዕራይ ኢልካ ዝፍጸም ጎነጽ ውን የጠቓልል። ኣንጻር መጻምድቲ፣ ኣባላት ስድራቤት፣ ኣዕሩኽ፣ ሸማግለ፣ ስንክልና ዘለዎም ሰባት፣ ቆልዑን ንኣሸቱን ዝፍጸም ዓይነት ጎነጽ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ መንጎ ቀረባ ዝምድና ዘለዎም ሰባት ዝፍጸም ጎነጽ ከኣ ንብምልእታ ስድራቤት እዩ ዝትንክፍ። ቀረባ ዝምድና ክበሃል ከሎ ስድራቤትካ ወይ ኣዝማድካ ጥራሕ ማለት ኣይኮነን፣ ቀረባ ምሕዝነታዊ ዝምድና ዘለዎም ብካልእ መገድታት ብዙሕ ቐርበት ዘለዎም ውን ክኾኑ ይኽእሉ።

ብቐጥታ ግዳይ ጎነጽ ምዃን ጎዳኢ እዩ። ካልኦት ንጎነጽ ክቃልዑ ምርኣይ ወይ ኣብ ጎነጽ ዝፍጸመሉ ስድራቤት ምንባርውን ጎዳኢ ኣዩ። ክልቲኡ ሓደ ዓይነት ፍርሒ እዩ ዘላዕል።

## ኣካላዊ ጎነጽ

ኣካላዊ ጎነጽ ኣብ ሰባት ወይ ኣቕሓ ዘቕነዐ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ማህረምቲ፣ቅልዒት፣ ምቕንጣው፣ ምሕናቕ ወይ ንብረት ምዕናው፣ ጣውላ ምህራም፣ ንብረት ኣብ መንደቕ ኣብ መሬት ምድርባይ ምእንታን እቲ ሰብ ሕማቕ ክስምዖ። ገዲዱ ተባሂሉ ኣካላዊ ጎነጽ ኣብ ሞት ውን ከብጽሕ ይኽእል።

## ጾታዊ ጎነጽ

ጾታዊ  ጎነጽ ነቲ ግዳይ  ከቢድ ሳዕቤናት ዘስዕበሉ ዓይነት ጎነጽ እዩ። እዚ  ከምዚ ዓይነት ጎነጽ ብፍላይ ሃሳዪ እዩ ምኽንያቱ ነቲ ብሕታዊ ክፋል ኑብስና ስለዝግህስ። ጾታዊ ጎነጽ ክበሃል ከሎ ልዑል ዝርግሐ ዘለዎ ኮይኑ ካብ ምትንኻፍ ክሳብ ምግሳስ ወይ ጾታዊ ምድፋር ወይ ምስርጻይ የጠቓልል። ጾታዊ ጎነጽ ገባሪን ግዳይን ሳሕቲ እዮም ዝዛረቡሉ፣ ከምኡውን ሕፍረት ዝተሓወሶእዩ።

## ስነ-ኣእምራዊ ጎነጽ

ስነ-ኣእምራዊ ጎነጽ ኩሉ ዓይነት ጎነጽ ብባህሪኡ ኣካላዊ ዘይኮነ፣ ግን ከኣ ብካልእ መገድታት ዝሃሲ፣ ዘፍርሕ ወይ ዘቐንዙ እዩ። ስነ-ኣእምራዊ ጎነጽ ሸለል ምባል፣ ስልጣን ምጥቃምን ዕብለላን የጠቓልል፣ ከምኡውን ነቲ ግዳይ ትሑት ኮይኑ ከምዝስምዖ ምግባር፣ ተጠራጣሪ፣ ከፉእ፣ ዓሻ፣ዘይጠቅም፣ሕማቕ፣ ሕዙን፣ ንነፍሱ ከምዝወቅስ ምግባር ወዘተ ከምዝስምዖ ምግባር። ስነኣእምራዊ ጎነጽ ውን ነቲ ግዳይ ምስ ኣዕሩኽቱ፣ ስድራቤቱ ግዜ ከሕልፍ ዘለዎ ናጽነት፣ ርእይቶኡ ከስምዕ ወይ ብካልእ መገድታት ከምዝደልዮ ክነብር ንምድራት ዝግበር ምቁጽጻርን ምቕያድን ውን ክኸውን ይኽእል። ንብዙሓት ግዳያት ኣብ ትሕቲ እዚ ስነ-ኣእምራዊ ጎነጽ ምንባር እዩ ዝኸፍአ። እቲ ናቱ ጨፍላቒ ባህሪ ንኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ጥዕና ከቢድ ሳዕቤናት ከምጽኣሉ ይኽእል ። እቲ ንጎነጽ ዝቃላዕ ዘሎ ግዳይ ብዙሕ ግዜ ንጎነጽ ይቃላዕ ከምዘሎ ኣይርድኦን እዩ፣ ዝያዳ ከኣ ንነፍሱ ይወቕሳን ከም ሕማቕ ሰብ ይቖጽራን።

## ምስ ክብሪ ንምዕቃብ ዝተተሓሓዘ ጎነጽ

ምስ ክብሪ ንምዕቃብ ዝተተሓሓዘ ጎነጽ ኣብ ኩሉ ባህልታት ይርአ እዩ፣ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓባራዊ ባህልታት/ሕብረተሰባት ይርአ፣ ማለት ንጹር ሕግታት ክብሪ ዘለዎ። ኣንጻር ክብሪ ሕፍረት እዩ። ሰብኡት ጾር ክብሪ ይስከሙ፣ ኣዋልድን ኣንስትን ብፍላይ ከኣ ንብምሉኡ ዓሌተን/ጉጅልአን ክብርታት ብምጥሓስ የሕፍራ። ክብሪ ምቕንጣጥ ዝተፈላለየ ነገራት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ማለት ደረጃ ፣ስራሕ ትምህርትን ጾታዊ ሂወት ደቀንስትዮ ምቊጽጻርን። ካብ ሓዳር ወጻኢ ዝካየድ ርክባት ወይ ጾታዊ ርክብ ካብ ሓዳር ወጻኢ ነቲ ዓሌት ብምሉኡ ዘሕፍር እዩ። ክብሪ ንምዕቃብ ዝግበር ጎነጽ እምበኣር ኣዋልድ ዘለወን ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ምቍጽጻር፣ ምኽንሻብን ግዱታዊ ሓዳርን ክኸውን ይኽእል። ክብሪ ንምዕቃብ ዝፍጸም ጎነጽ ብፍሉይ በዳሂ ዝገብሮ ኣብቲ ስድራቤት ዝኸይድ ጎነጽ ዝፈልጡዎን ዝቕበሉዎን ብዙሓት ምህላዎም እዩ። ከም ተወሳኺ እቲ ጥሕሰት ክብሪ ካብ ሕመረት ስድራቤት ወጻኢ እንተተፈሊጡ ዝያዳ ኣስጋኢ ክኸውን ይኽእል።



# እንታይ ትገብር፧

ጎነጽ ምቅላዕ ኣጸጋሚ እዩ። ጎነጽ ብብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነታት መገዲ ስለዝግለጽ መለለዪ ምልክታት ክትረኽበሉ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ገለ ካብቲ መለለዪ ምልክታት ምስ ምልክታት ካልኦት ሽግራትን ተጽዕኖታትን ይመሳሰል እዩ፣ በዚ ምኽንያትከኣ ምቅልዑ ኣጸጋሚ ይኸውን። ንጎነጽ ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምራዊ ኢልካ ፈላሊኻ ምዝራብ ልሙድ እዩ፣ ዋላ ኳ እዚ ዓይነታት ጎነጽ ክልቲኡ ኣብ ሓደ ግዜ ክፍጸም ዝኽእል እንተኾነ።

> **«ስቕታ ንጎነጽ ይሸፍኖ»**
>
> ፐር ኢስዳል
> ትካል ኣልተርናቲቭ ቲል ቮል

ጎነጽ ይፍጸም ኣሎ ዝብል ጥርጣረ እንተደኣ ሃልዩ እቲ ኩነታት ምስ ዝተፈላለዩ ቤት ጽሕፈታትን ውድባትን ክዝተየሉ ይከኣል፣ ብዘየገድስ ዓይነት ጥርጠራ( ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዚ ሰነድ ዘሎ ሊስታ መራኸቢ ሓበሬታ ረኣዮ)። መጀመርታ ክሕሰበሉ ዘለዎ ዋሕስነት ግዳይ እዩ። ጎነጽ እንዳገደደ ክኸይድ ይኽእል እዩ፣ ንሂወት ውን ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ይኽእል።

ጥርጣረኻ ምስ ግዳይ ክትዛረበሉ እንተኾይንካ፣ ብዝተኻእለካ መጠን ነቲ ኣርእስቲ ንኸተልዕል ውሑስ ዝኾነ ባይታ ኣንጽፍ፣ ከምኡውን ምስ ካልኦት ከተካፍል እንተኮይንካ፣ ምስ ግዳይ እንታይ ከተካፍል ከምትኽእል ተሰማማዓሉ። ሓደ ግዳይ ጎነጽ ኣብ ማሕለኻ ጎነጽ ብምህላዉ ገደብ ምግባር ከጸግሞ ይኽእል እዩ፣ ብፍላይ ከኣ ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ሰብ ገደብ ክገብረሉ። ሓደ ብጎነጽ ዝጥርጠር ሰብ ኣብዚ ኩነታት ክሕወስ እንተደኣ ኮይኑ ወይ ክሓወስ ከሎ እቲ ጉዳይ መጀመርታ ምስ ሞያዊ ቤት ጽሕፈት ክዝተየሉ ኣሎዎ።

ከምዚ ዓይነት ከቢድ ኣርእስቲ ሰብ ከልዕሎ ዘሹቕረረሉ ንቡር ምኽንያት ነቲ ሰብ ወይ ንባዕልኻ ውን ስክፍክፍ ክብለካ ስለዝኽእል እዩ፣ እቲ ሰብ ውን እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ከምዝህብ ስለዘይትፈልጥ እዩ።

## ቆልዑ ንጎነጽ ይቃልዑ ኣለዉ ዝብል ጥርጣረ ኣለካ፧

ቆልዑ እንተኾይኖም ቆላሕታ ክንገብረሉ፣ ክንኣሊን ኢድና ክነእቱን ፍሉይ ሓላፍነት ኣለና። ኩሉ ሰብ ቆልዑ ንጎነጽ ክይቃልዑ ምክልኻል ውልቃዊ ሓላፍነት ኣሎዎ። ጎነጽ ይፍጸም ኣሎ ኢልካ እንተደኣ ጠርጢርካ ወይ ጎነጽ ይርእዩ ኣሎዉ ኢልካ እንተጠርጢርካ ንተሓለቕቲ ቆልዑ ግድን ክትውክሶም ኣለካ ብዘየገድስ ክብደቱ። መንነትካ ከየቃላዕካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ መጀመርታ ተሻቒልካ ምስ ምሁራት ክትዛተየሉ ጥራሕ እንተደሊኻ። ንወለዲ ኣይትሓብሮም(ነቶም ጎነጽ ዝፍጽሙ)። እዚ እቶም ትሕብሮም ኣካላት እዮም ዝግምግሙዎ፣ ፖሊስ ይኹኑ ተሓለቕቲ ቆልዑ። ዋሕስነትን ሕጋዊ ዋሕስነት ቆልዑን ዝምልከት ሕቶ ስለዝኾነ።

## ምስ ዓበይቲ ሰባት ብዛዕባ ጎነጽ ምዝራብ

ስቕ ምባል ገዲፍካ ነቲ ትርእዮ ወይ ትጥርጥሮ ብቓላት ምግላጽ እዩ ነገሩ። ኩሉ ሰብ ኣይኮነን ጎነጽ ይፍጽም ከምዘሎ ወይ ንጎነጽ ይቃላዕ ከምዘሎ ዝርድኦ። ጎነጽ ብባህሪ ብዙሕ ግዜ ሰብ የነኣእሶ እዩ፣ እታ ጎነጽ ትብል ቃል ብምጥቃም ከማን ዘይተጸበኻዮ ብሓድሽ ዓይኒ ትርእዮ ኣለኻ ማለት እዩ። እቲ ጎነጽ ዝፍጽም ሰብ እንተሃለዩ፣ ሓሪቑ፣ ሰኺሩ ወይ ብካልእ መገዲ ዘይርጉእነት እንትደኣ ኣርእዩ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ዋሕስነት ግዳይን ናትካ ዋሕስነትን ሕሰብ።

- እቲ ጎነጽ ዝፍጽም እንተደኣ ምሳኹም ሃለዩ ነቲ ግዳይ ጎነጽ ከም ኣርእስቲ ኣይተልዕለሉ።
- በይንኻ ኣይትኹን– ምስ ሞያውያን ሰራሕተኛታት ተላዘብ( ሊስታ ኣብ ናይ መወዳእታ ገጽ ኣሎ)
- እቲ ዝዝረብ ስምዓዮ- ብዙሕ ምኽርታት ኣይትለግስ። ብዙሕ ግዜ እቲ ግዳይ ኣግሂዱ ንኽይዛረብ ተራ ስለዝጻወት።
- ብትሓስቦ ጎነጽ እዩ ጠንቁ ትብሎ ነገራት ተዛረበሉን ኣግሂድካ ሕተተሉን።
- ምስቲ ግዳይ ጎነጽ ከኣ ብሕጂ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ተሰማማዓሉ።
- ክፍሊ ረድኤት ህጹጽ ሕክምና ማህሰይቲ ንምስናድ ዝጥቀሙሉ ተደጋጋሚ ኣሰራርሓ ኣሎዎም፣ ከምኡውን ናብቲ ዝምልከቶም ትካላት ሪፈር ክብሉ ይኽእሉ።
- ግዳይ ጎነጽ ኣተርጓሚ ዘድልዮ እንተኾይኑ ከኣ ካብ ዝኾነ ክፋል ናይዚ ሃገር ካብ ትካል ምትርጓም ኣተርጓሚ ተሌፎን ጥለብ።

## ምስ ቆልዑን ንኣሽቱን ብዛዕባ ጎነጽ ምዝራብ

ዝዛረቡ ቆልዑ ታሪኾም ምሉእ ናጽነት ረኺቦም ክነግሩ ይግባእ። ቆልዑ ክነግሩ ከለዉ ነቲ ዕድል ተጠቐመሉ – ኣይትጸበ። ንፉዕ ሰማዒ ኹን፣ ናይቲ ቆልዓ ቃላት ተጠቐም፣ ክትፈልጥ ህርፋንን ድሌትን ከምዘለካ ኣርኢ። ሰፊሕ መልሲ ክትምልስ ዝዕድም ሕቶታት ተጠቐም። – እወ ወይ ኖኖ ዝመልሱ ሕቶታት ኣይትሕተት።

1. ውሑስ ዝኾነ ባይታ ኣንጽፍ፣ ግን ክትገብሮ ዘይትኽእል ኣይትመባጻዕ።
2. ጎነጽ ይፍጸም ከምዘሎ ምቕላዕ ኣኻሊ እዩ- እቲ ቆልዓ ተንቲኑ ክገልጽ ኣይተገድዶ።
3. ብቐጥታ ዝርርብ ጸሓፎ፣ እቲ ዝርርብ ክትገልጾ ከለኻ እቲ ቆልዓ ዝተጠቐመሉ ቃላት ብልክዕ ጸሓፎ፣ ከምኡውን እቲ ሕቶ ብኸመይ ዓይነት መገዲ ከምዝሓተትካዮ።
4. ተሓለቕቲ ቆልዑ ተወከሶም። ኣብ ስራሕ እንተኾይኑ፣ እቲ ኣብ ትካል ስራሕ ትጥቀሙሉ ተደጋጋሚ ኣሰራርሓ ተኸተል።
5. ምስ ተሓለቕቲ ቆልዑ እንዳተላዘብካ ምስቲ ቆልዓ ተወሳኺ ዝርርብ ከተካይድ ከምዘለካ ተቐሪብካሉ ጽናሕ። ምእንታን እቲ ቆልዓ ምስ ብዙሓት ዓበይቲ ካብ ምዝራብ ክስተር።

## ምስ ምዕቃብ ክብሪ ዝተሓሓዝ ጎነጽ

ክብሪ ንምዕቃብ ኢሉ ዝፍጸም ዓይነት ጎነጽ ብፍሉይ በዳሂ ዝገብሮ መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሓት ኢዶም የእትዉሉ ብምኳኖም እዩ። ሓባራዊ ጥርናፈ መብዛሕትኡ ግዜ ሰንሰለታዊ ስልጣን ኣሎዎ፣ ማለት ዓበይቲ ኣብ ርእሲ ንኣሽቱ ይውስኑ፣ ሰብኣይ ኣብ ርእሲ ሰበይቱ ይውስን፣ ከምኡውን ሓው ኣብ ርእሲ ሓፍቲ ይውስን። ግድን ኣቦ ወይ ሓው ኣይኮነን ዝቐጽዕ፣ ዋላ ሓዎቦኻ ወይ ወድሓወቦኻ ካብ ርሑቕ መጺኡ ክቐጽዕ ይኽእል። ዝኾነ ሰብ ክብሪ ንምዕቃብ ንጎነጽ ይቃላዕ ኣሎ ዝብል ሻቕሎት ወይ ጥርጣረ እንተኣሕዲርካ እዚ ዝስዕብ ክትሓስበሉ ይግባእ፣

- ዋሕስነት ናይቲ ሰብ ንምዕቃብ ውጥን ክህሉ ኣሎዎ። እዚ ማለት እቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራቤት ነቲ ግዳይ ግድን ደጋፊኡ እዮም ማለት ኣይኮነን፣ ብኣንጻሩ ነቲ ጎነጽ ዝድግፉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ንደቀንስትዮን ደቅተባዕትዮን ይምልከት።
- እቲ ታሪኽ ክትፈልጦ ህርፋን ይሃልውካ
- ቆላሕታ ግበር ብዝተኻእለካ መጠን ከኣ ውሑስ ባይታ ኣንጽፍ። ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ እንተሃልዩካ ድማ ኣጥቢቕካ ግለጾ።
- ዕጉስ ኩን፣ ስቱርነት ከኣ ይሃልውካ።
- ምስ ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ተላዘብ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ
- ብተሌፎን ዝዛረብ ኣተርጓሚ ተጠቐም እንተተኻኢሉ ከማን ካብ ካልእ ኣውራጃ። ኣተርጓሚ ብኣካል እንተተረኪቡ ወረ ክዝርጋሕ እዩ ዝብል ፍርሒ ከሕድር ስለዝኽእል።



# ኣገደስቲ ቁጽርታት ተሌፎን

| ዓበይቲ/ልዕሊ ዕድመ | | |
|---|---|---|
| መዕቆቢ ደቀንስትዮ ኣብ ሽስት-ኣግደር | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 38 10 22 00 |
| መዕቆቢ ደቅ ተባዕትዮ ኣብ ሽስት ኣግደር | 24 ሰዓት ክፉት | ተሌ. 91 36 65 24 |
| መዕቆቢ ኣውስት-ኣግደር | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 37 01 32 80 |
| ኣልተርናቲቭ ቲል ቮል ክሪስትያንሳንድ | 09.00–14.00 | ተሌ. 99 30 12 34 |
| ንገበን ዝተቓልዑ ሰባት ዝድግፍ ማእከል | | ተሌ. 02800 |
| ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስድራ-ቤት | ቀትሪ | ተሌ. 38 10 43 10 |
| ኣንጻር ጾታዊ ዓመጽ ዝሰርሕ ማእከል ኣብ ኣግደር | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 11 |
| ፖሊስ | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 02800 |

| ተነቀፍቲ ሰባት/ጉጅለታት | | |
|---|---|---|
| ቆልዑን ንኣሽቱን | | |
| ተሓለቕቲ ቆልዑ ኣብ ዞባ ክሪስትያንሳንድ | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 57 70 |
| ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ተሓለቕቲ ቆልዑ | | ተሌ. 38 07 54 00 |
| መንግስታዊ ቤት ቆልዑ ክሪስትያንሳንድ | ቀትሪ | ተሌ. 99 25 71 61 |
| ህጹጽ ተሌፎን ንቆልዑን ንኣሽቱን | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 116 111 |
| ትካል ስቲነ ሱፍየ | ቀትሪ | ተሌ. 37 29 40 90 |
| ኣንጻር ጾታዊ ዓመጽ ዝሰርሕ ማእከል ኣብ ኣግደር | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 11 |
| ፖሊስ | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 02800 |

| ሽማግለ | | |
| --- | --- | --- |
| ሃገራዊ ማእከል ሽማግለ ንምክልኻል ዝሰርሕ | | ተሌ. 80 03 01 96 |
| ኣንጻር ጾታዊ ዓመጽ ዝሰርሕ ማእከል ኣብ ኣግደር | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 11 |
| ፖሊስ | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 02800 |
| ስንክልና ዘለዎም ሰባት | | |
| ኣማኸርቲ ኣብ ቨስት-ኣግደር ብፍላይ ን ስንክልና ዘለዎ ተነቀፍቲ ልዕሊ-ዕድመ | ቀትሪ | ተሌ. 99 25 71 61 |
| ኣንጻር ጾታዊ ዓመጽ ዝሰርሕ ማእከል ኣብ ኣግደር | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 11 |
| ፖሊስ | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 02800 |

| ክብሪ ንምዕቃብ ዝፍጸም ጎነጽ | | |
| --- | --- | --- |
| ኣማኸርቲ ንምምካት ግዴታዊ ሓዳርን ምኽንሻብን | | ተሌ. 47 80 90 50 |
| ቀይሕ መስቀል ተሌፎን | ቀትሪ | ተሌ. 81 55 52 01 |
| ሰይፍ ( ርእሰ-ሓገዝ ንወጻእተኛታትን ስደተኛታትን) | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 77 |
| ኢምዲ ደቡብ | ቀትሪ | ተሌ. 95 41 79 63 |
| ኣማኻሪ ንኡሳን ጉጅለታት (ቤት ጽሕፈት ኣብ ክሻድራቱረን ስኩለሰንተር) | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 73 38/ 48 50 99 60 |
| ኣንጻር ጾታዊ ዓመጽ ዝሰርሕ ማእከል ኣብ ኣግደር | ቀትሪ | ተሌ. 38 07 11 11 |
| ፖሊስ | 24 ሰዓት ይሰርሑ | ተሌ. 02800 |

Tress Design | www.tressdesign.no

**Kristiansand kommune**
Postboks 417 Lund
4604 Kristiansand
postmottak@kristiansand.kommune.no